ዕለት፣ 07-03-2016

## ጽንብል 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ

ኤርትራውያን ነበርቲ ደቡብ ኣፍሪቃ፣ ብኣጋጣሚ 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ 2016 ብውዕዉዕ መንፈስን ክብ ዝበለ ኣገባብን ጸንቢሎም።

ኣብቲ ብዕለት 5 መጋቢት 2016 ኣብ ከተማ ጆሃንስበርግ ኣብ ትሕቲ፣ "ማዕርነት ድርዒ ነባሪ ልምዓት፣" ዝብል ቴማ ነቲ ኣጋጣሚ ብዝጉልሑ እዋናውያን ጭርሖታትን ተሰኒዩ፣ ብውዕዉዕ መንፈስ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፣ ኣባላት ኤምባስን ኣባላት ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ደ/ኣፍሪቃን ጨ/ሃ.ማ.ደ.ኤ. ደ/ኣፍሪቃን ማሕበር መንእሰያት ህግደፍ ደ/ኣፍሪቃን ካብ ጆሃንስበርግን ኣከባቢኡን ዝመጹ ኤርትራውያን ነበርቲ ደቡብ ኣፍሪቃን ተሳቲፎም።

እቲ መደብ ብዝክረ-ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋቱ፣ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃን ዞባ ሃገራት ደቡባዊ ኣፍሪቃን፣ ኣቶ ሳልሕ ዑመር፣ ንተሳተፍቲ ጽንብል እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፣ ነቲ ኣጋጣሚ ዝምልከት መግለጺ ኣቕሪቡ። ኣብ መግለጺኡ ኣምባሳደር ሳልሕ፣ ኣህጉራዊ በዓል ደቀንስትዮ እነኽብረሉ ቀንዲ ምኽንያት፣ ንተራን ግደን ደቀንስትዮ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ናጽነትና ኣብ ምጉንጻፍን ሉኣላውነትና ኣብ ዝተረጋገጸሉ መድረኽ ንቕያን ጅግንነትን ጓል-ኣንስተይቲ ኤርትራ ንምዝካርን ንምኽባርን ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ቃልሲ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ ንሰላምን ቀሳነትን፡ ፍትሕን ማዕርነትን ሓቝፉ ንረብሓ ሓፍሽ ዘማእከለ ስለዝኾነ፡ ዮሃና ንሸሞንተ መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ኤርትራ! ኢሉ።

ቀጺላ ንሃማደኤ ጨንፈር ደቡብ ኣፍሪቃ ወኪላ፡ ወ/ሮ ልዋም ግርማይ፣ ቃል ሃ.ማ.ደ.ኤ ኣንቢባ። ብድሕርዚ ኣቦ-መንበር ኣካያዲት ኣካል ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ደ/ኣፍሪቃ፣ ኣቶ ክንፈ ብርሃነ ንማሕበረኮም ኤርትራውያን ደ/ኣፍሪቃ ጆሃንስበርግን ኣከባቢኡን፡ መንእሰይ ኣማኑኤል ካሕሳይ ድማ ንመንእሰያት ህግደፍ ደ/ኣፍሪቃ ጆሃንስበርግን ኣከባቢኡን፡ ወኪሎም ምሕዝነታዊ ናይ ደገፍ መልእኽቲ ኣንቢቦም።

ኣብ ዝሰዓበ መደብ ብጉጅለ ባህሊ መንእሰያት ደ/ኣፍሪቃ "ሽያላ" ነቲ ኣጋጣሚ ዘንጸባርቑ ደርፍታትን መዛሙርን ኣቕሪባ፡ ከምኡ'ውን ብተሳተፍቲ፣ ግጥምታትን ተዘክሮታትን ዕላላትን ወዘተ..ድሕሪ ምቕራቦም፣ እቲ ጽንብል ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ!